# ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ

ብኣባ ቪቶሪዮ ቦርያ ዝቀረበ

## ፩ይ ትምህርቲ



ተዛረብ ኦጐይታ፥ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ!!! (ሳሙ 3፥10)

ንሕግኻ ኣዝየ ኢየ ዘፍቅሮ፥ ምሉእ መዓልቲ ብዛዕባኡ ኣስተንትን ኣሎኹ። (መዝ. 119፥ 97)

## ኣሰራርዓ ቅዱስ መጽሓፍ

ቅዱስ መጽሓፍ ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ እዋን ዝጸሓፎ መጽሓፍ ኣይኮነን። ብዙሓት ሰባት ነቲ እግዚኣብሔር ኣብ ልቦም ዘሕደረሎም ሓሳብን መምርሕን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን እዋናትን ዝደረስዎ መጽሓፍ ኢዩ። ብ1400 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ፥ ድሕሪ ምህዞ ማኅተም፥ ኢዩ ወረቐት ኣብ ምዕራባዊ ክፉል ዓለም ኪዝውተር ጀሚሩ። ቅድሚኡ ሰብ ገና ኣብ ብራና (ማለት ዝለፍዐ ቆርበት እንስሳ) ኢዩ ዚጽሕፍ ነይሩ። ኣብ ቆርበት ብሓደ ዝተወሰነ ዕቅን ተቆሪጹ ይጸሓፎ ነበረ እሞ፥ ብላዕሊ ምስቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ገጽ፥ ብትሕቲኡ ምስ ዚቅጽል ገጽ ነንሕድሕዱ ይስፌ ስለዝነበረ፥ ተጠቕሊሉ ይተሓዝ ነበረ እሞ፥ ናይ ሓደ ሰብ ድርሰት ኣብ ሓደ ጥቕሉል ይተሓዝ ነበረ። ንኣብነት መጽሓፍቲ ኦሪት፥ ሙሴ ከምዚጸሓፎ ይሓስብዎ ስለ ዝነበሩ፥ ኣብ ሓደ ጥቅሉል ብራና (ቶራህ ዚበሃል) ይተሓዙ ነበሩ።



ሙሴን ዳዊትን ሰለሙንን ነብያትን ካልኣት መንፈሳዊ ወይ ምምሕዳራዊ ስልጣን ስለዝነበሮም ሰባትን ዝጸሓፍዎም መጽሓፍቲ ኣምላኽ ከምዘጽሓፎም ኣቕረብዎ እሞ፥ ኣብ ቤት መቕደስ ዝነብሩ ካህናትን ሓላፍነት ሕዝቢ ዝነበሮም መራሕትን ኣብ ቤት ጸሎት ኪጥቀሙሎምን ኣብ ምምሕዳር ሕዝቢ ከም መምርሒ ገይሮም ኪጥቀሙሎም ጀመሩ። ስለዚ ከም ቃል ኣምላኽ ገይሮም ብእምነት ተቐበሉዎም፥ ንዳሕረዎት ወለዶ ከኣ ከምኡ ገይሮም ኣመሓላለፉሎም። ከምኡ ሓዋርያትን ተኸተልቲ ሓዋርያትን ዝጸሓፍዎ መጽሓፍቲ (ወንጌል፥ መልእኽትታትን፥ ወዘተ.) ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ከምዝተጻሕፉ (ማለት መንፈስ ቅዱስ ብዘሕደረሎም ሓሳባትን ቃላትን) ቤተክርስትያን (መራሕቲ ቤተክርስትያንን ሕዝብን) ስለዝኣመነትሎም፥ ምስቶም ቅድሚ ምጽኣት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ብማዕረ ተራእዮም፥ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተባሂሎም ተጸውዑ።

ኣብዚ ክነስተብህል ዜድልየና፥ እዞም መጻሕፍቲ (ሀ) ሰብ ስለዝኣመነሎም፥ ወይ (ለ) ጥንታዎት ቅዱሳት ሰባት ስለዝጸሓፍዎም ወይ (ሐ) ትሕዝቶኦም ቅዱስ፥ ሓቀይና፥ ናብ ጽድቂ ዚመርሕ ስለዝኾነ ወይ (መ) እዚ ኹሉ ሰለስተ ምኽንያት ብሓንሳእ ስለዘማልኡ ኣይኮኑን ኣብ ቍጽሪ ቅዱስ መጽሓፍ ዝኣተዉ። ነዞም ነጥብታት በብሓደ ይኹን ወይ ብሓንሳእ ዜማልኡ፥ ኣብ ቅጽሪ ቅዱስ መጽሓፍ ዘይኣተዉ ካልኦት መጻሕፍቲ ኣለዉ። ነዞም ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ተጠርኒፎም እንረኽቦም መጻሕፍቲ፥ ቅዱሳት መጻሕፍቲ (ማለት ቃል ኣምላኽ፥ ሰብኣዊ ወሰኽ ዘይብሎም) ምዃኖም እንኣምነሎም፥ ቤተክርስትያን ከምኡ ኢላ ስለተምህረና ኢዩ። ንቤተክርስትያን ድማ እግዚኣብሔር ባዕሉ ስለዝገለጸላ ኢዩ።

ብዛዕባ ግልጸት ኣምላኽ ግና ኣብ ዚቕጽል ትምህርቲ (፩ይ ትምህርቲ) ክንዘራረብ ኢና።

ቅዱስ ኢልና እንጽውዖ መጽሓፍ ብሓፈሻ ኣብ ክልተ ይከፈል፡ ብሉይን ሓዲስን ኪዳን።
እስራኤላውያን ንቅዱስ መጽሓፍ ኣብ 3 ይከፍልዎ ነይሮም፡ ማለት
ሕጊ (ቶራህ) ማለት እቶም ሎሚ ንሕና መጻሕፍቲ ኦሪት ኢልና እንጽውዖም 5 መጻሕፍትን መጽሓፍ ኢያሱን ዘመሳፍንትን ዚጥርንፍ ክፋል።
ብሓፈሻዊ ስም፡ ጽሑፋት (ከቱቢም) ተባሂሎም ዚጽወዑ ዝነበሩ፡ ታሪኽን ጥበብን ዝትሕዝቶኦም ጽሑፋት።
ነቢይም - መጻሕፍቲ ነቢያት ዚበሃሉ - ናይ ነብያት ጽሑፋት ዝጥርንፉ ጽሑፋት።
ሎሚግን ንሕና ንቅዱስ መጽሓፍ ኣብ 4 ክፍሊ ንከፋፍሎ፡ ማለት፡
መጽሓፍቲ ኦሪት፡ ኦሪት ዘፍጥረት፡ ዘጸኣት፡ ዘለዋውያን፡ ዘኍልቍ፡ ዘዳግም ተባሂሎም ዚጽወዑ።
መጽሓፍቲ ታሪኽ ድሕነት፡ ዘኢያሱ፡ ዘመሳፍንት፡ ሩትን፡ ፩ን ፪ን ሳሙኤል፡ ፩ን ፪ን ዘንገስት፡ ፩ን ፪ን ዜና መዋዕል እዝራን፡ ኣስቴርን፡ ነህሚያስን ዚጽውዑ መጽሓፍቲ።
መጽሓፍቲ ትምህርቲ፡ ኢዮብ፡ መዛሙር ዳዊት፡ ምሳሌ፡ ጥበበ ሰሎሞን፡ ጥበበ ሲራክ፡ መክብብ፡ መኃልየ መኃልያት።
መጽሓፍቲ ነብያትን (ነቢይም = ነብያት) የጠቓልል።
መጽሓፍቲ ሓዲስ ኪዳን ድማ

- መጽሓፍቲ ታሪኽ (ወንጌላትን ግብረ ሓዋርያትን)
- መጽሓፍቲ ትምህርቲ (መልእኽቲ ሓዋርያት)
- መጽሓፍ ራእዩን

ተባሂሎም ኪከፋፈሉ ይኽእሉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ክንደይ መጻሕፍቲ ከምዘሎ ክርስትያን ኣይሰማምዑን ኢዮም፡ ካተሊኽ ግን 73 መጻሕፍቲ ከምዘለዉ ይኣምኑ።
ንሳቶም እዞም ዚስዕቡ ኢዮም፡

## ካብ ብሉይ ኪዳን፡

መጻሕፍቲ ኦሪት፡ (ዘፍጥረት፡ ዘጸኣት፡ ዘለዋውያን፡ ዘኍልቍ፡ ዘዳግም)፣
መጽሓፍቲ ታሪኽ ድሕነት (ኢያሱ፡ መሳፍንቲ፡ ሳሙኤል -ቀዳማይን ካልኣይን- ዘነገሥት - ቀዳማይን ደካልኣይን - ዜና መዋዕልን - ቀዳማይን ካልኣይን - ዕዝራ - ነህሚያ - ኤስተር - - ኢዮብ፡ መዝሙራት ዳዊት፡ ምሳሌ፡ መክብብ፡ መኃልየ መኃልያት፡ ኢዮም
መጽሓፍቲ ነብያት ኢሳይያስ፡ ኤርሚያስ፡ ሰቆቃወ ኤርሚያስ፡ ሕዝቂኤል፡ ዳንኤል፡ ሆሰእ፡ ኢዮኤል፡ ኣሞጽ፡ ኣብድዩ፡ ዮናስ፡ ሚክያስ፡ ናሆም፡ እምባቆም፡ ሶፎንያስ፡ ሓጌ፡ ዘካርያስ፡ ሚልክያስ ኢዮም።

እዞም ዚኽተሉ መጽሓፍቲ፡ ቀዳማይን ካልኣይን ማቃባውያን፡ ዮዲት፡ ጦቢት፡ ጥበብ ሰሎሞን፡ ጥበበ ሲራክ፡ ባሩኽ ዳግመ ቀኖናዊያን (deuterocanonical) ይበሃሉ፡ መብዛሕቶም ከኒሻ ድማ ከም ክፋል ቅዱስ መጻሕፍቲ ኣይቅበልዎምን ኢዮም።

ቤተክርስትያን ተውሓዶ ድማ ኣብ ርእሲኦም ካልኣይ መጽሓፍ እዝራን፡፡ ጸሎት ንጉስ ምናሴ እትባሃል ሓንቲ ሓጻር ጸሎትን፡ ሄኖክን፡ መጽሓፈ ኪዳንን መጽሓፍ ቀዳሴን ምስ ቀ. መጽሓፍ ይቈጽርዎ፡ ከምኡ ትንቢተ ዳንኤል ኣብ ሰለስተ ክፍሊ ይከፋፍልዎ። በዚ ምኽንያት ብኣታቶም 83 መጽሓፍቲ ይቈጽሩ።

መጽሓፍቲ ሓዲስ ኪዳን ግን ንኵላትና ክርስትያን ሓደ ኢዮም፡ ንሳቶም ድማ 27 ኢዮም። ማለት፡

**መጻሕፍቲ ታሪኽ፡** **ወንጌል** ማቴዎስ፡ ወንጌል ማርቆስ፡ ወንጌል ሉቃስ፡ ወንጌል ዮሓንስ፡ ግብረ ሓዋርያት፣
**መጽሓፍቲ ትምህርቲ፡** 13 መልእክቲ ጳውሎስ ማለት መልእኽቲ ናብ ሰብ ሮማ፡ 2 ናብ ሰብ ቆሮንጦስ፡ ገላትያስ፡ ኤፌሶን፡ ፊሊጵስ፡ ቆላይሲስ፡ 2 ናብ ሰብ ተሰሎንቄ፡ 2 ናብ ጢሞቴዎስ፡ ቲቶ፡ ፊልሞን፤ መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን፡ መልእክቲ ያዕቆብ፡ ክልተ መልእክታት ጴጥሮስ፡ ሠለስተ መልእኽትታት ዮሓንስ፡ መልእኽቲ ይሁዳ፤
**መጽሓፍ ትንቢት፡** ራእዩ ዮሃንስ።

## ኣረኻኽባ ጥቕሲታት ቅዱስ መጽሓፍ

ጥንታውያን ኪጽሕፉ እንከለዉ፡ ኣርባዕተ ነጥቢ ዘይብሉ፡ ምዕራፍ ወይ ኣርእስቲ ዘይብሉ፡ ገይሮም ኢዮም ዚጽሕፉ ዝነበሩ። ክሳብ ሎሚ እውን ጥንታዊ ድርሰት ገድሊ ጻድቃን ሃገርና ንኡስ ኣርእስቲ ወይ ምዕራፍ ዘይብሉ ኢዩ። ንፈለማይ ጊዜ ንቅ. መጽሓፍ ኣብ ምዕራፋት ዝከፋፈለ ሓደ እስጢፋኖስ ላንግቶን ዝተባህለ ሰብ ኢዩ (ብ13 ክፍለዘመን)። ሓደ ጥቕሲ ብቀሊል ንኪርከብ መሊሱ ምእንቲ ኪቀልል ድማ ንምዕራፍ ኣብ ጉልቋታት ድማ ብ1528 ንብሉይ ኪዳን ሓደ ሳንተ ፓኒኖ ዚበሃል፡ ብ1551 ድማ ንሓዲስ ኪዳን ሮበርት ኤስተን ዚበሃል ፈላሲ ከፋፈልዎ። እዚ ዓቢይ ስጉምቲ ኪወስዱ እንከለዉ፡ ብርግጽ ብዝተራእዮም ስለዝገበርዎ ሓድሓደ ምምሕያሽ ኪግበረሉ ምተኻእለ፡ ግን፡ ብሓፈሻኡ ጥቕሲ ቅ. መጽሓፍ ንምርካብ ኣጸቢቖም ኣቃሊሎምዎ።

## <u>ዕዮ ገዛ</u>

### ናይ ሓባር ወይ ጉጅለ ዘተ

1. “ቅ. መጽሓፍ መዓልቲ መዓልቲ ምንባብን፡ መጽናዕቲ ቅ. መጽሓፍ ምዝውታርን ልምዲ ካቶሊካውያን ኣይኮነን” ንዝብለካ እንታይ ኢልካ ምመለስካሉ? ጊዜ ምስ ረኺብካ ኣብዚ ወብሳይት ተመልከት፡ www.crossroadsinitiative.com/library_author/1/pics/library_article.13.doc/**ignorance**.pdf; www.cathinsight.com/apologetics/adventism/**bible**.htm;

2. ጥቕሲ ቅ. መጽሓፍ ብርእሰኻ ምፍላጥ እንታይ ጥቕሚ/ጉድለት ኣለዎ? ስለምንታይ ካተሊኽ ዘየዘውትርዎ?

3. ቤተክርስትያን ካቶሊኽ ኣብ ምትርጓምን ምዝርጋሕን ቅ. መጽሓፍ ዘርኣየቶ ንጥፈትን ድኽመትን ግለጽ።

4. በብክልተ ተኸፋፊልካ፡ በብተርታ ኮንካ እዚ ዚስዕብ ጥቕስታት ኣውጽኡ፡
   ዘፍጥ. 3፡ 17፣ ዮሓ 6፡ 5 - 8፣ ፩ መቃ 4፡ 2 - 3
   ማቴ 4፡ 5 - ፍጻ፣ መኃ 6፣ ፩ዮሓ 3፡ 17 - 4፡5፣
5. ምሉእ ትሕዝቶ ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ <u>ሓንቲ</u> ቃል ጠርንፍ።